

# ኢብራሂም ሑሴን ገቢል

Agordat-Eritrea 04-12-1957
Sacramento-USA 07-01-2011

## ሓጺር ታሪኽ ሂወት ኢብራሂም ሑሴን ገቢል

ኢብራሂም ገቢል፡ ኣብ **12** ሚያዝያ **1957**፡ ኣብ ዞባ ጋሽባርካ ከተማ ኣቑርደት ተወሊዱ። ስድርኡ፡ ኣብ ንእሰነቱ ናብ ኣስመራ ስለዝገዓዙ፡ መባእታ ትምህርቱ፡ ክሳብ **7**ይ ክፍሊ፡ በቲ ናይ ሸው መጸውዒ፡ ኣብ እቴጌ መነን ተማህረ። በቲ ዝነበረ ናይ **1975** ሰውራዊ ናዕቢ ኣስመራ፡ ስድራ ቤት ሑሴን ገቢል፡ ንኢብራሂምን ኣሕዋቱን ሒዛ፡ ንከረን ግዓዘት። ኢብራሂም ኣብ ቤት ትምህርቲ ሃጸይ ዳዊት፡ ማእከለያ ድረጃ ኣጽፈፈ።

ምስ ምሕራር ከተማ ከረን፡ ኢብራሂም ኣብ ህዝባዊ ሓይልታት ተወዲቡ፡ ኣቦ መንበር ማሕበር መንእሰያት ኮይኑ፡ ንጡፍ ሃገራዊ ኣበርክቶ ክገብር ድሕሪ ምጽናሕ፡ ምስ ከተማታት ኤራትራ ኣብ ቍጽጽር ጸላኢ ምእታው፡ ከረን’ውን ዕድል ካልኦት ከተማታት ስለዘጋጠማ፡ ኢብራሂም ገቢል፡ ንሱዳን ተሰዲዱ፡ ዕማም ሃገራዊ ግብኡ ብዝለዓለ ተሰለፈሉ።

ኢብራሂም፡ ንኣስታት **10** ዓመት ኣብ ከሰላ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ጉዕዞ ስደቱ ናብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኣበለ። ኣብ ኣመሪካ፡ ከባቢ ምዕራብ ዞባ፡ ንወዲ ገቢል ዘይፈልጡ ኣዝዮም ውሑዳት ኢዮም። ኢብራሂም፡ በቲ ሑዉስ ባህርያቱን ሑጉስ ጠባያቱን ዘቅንእ ምሕዝነትን ሰረት ዝሰደደ ሕውነታትን ክምስርት ብምኽኣሉ፡ ሰፊሕ ተቐባልነትን ተፈላጥነትን ከጣጥሕ በቒዑ።

ኣብ ኩሉ ማሕበራዊ ሂወት ኤርትራውያን ተቛዳሳይ ብምንባሩ፡ ብሄርን ሃይማኖትን፡ ዕድመን ጾታን ዘይፈሊ ንጹህ ናይታ ዝሕበናላን ዝኾርዓላን ሃገረ ኤርትራ ዜጋ ብምንባሩ፡ ሰፊሕ ህዝባዊ ፍቕሪ ዘዋህለለ፡ ኰሪዑ ዘኹርዕ ሓቦኛ፡ ኣብነታዊ ሓውን ብጻይን ኢዩ ኔሩ። ኣብ **1990**፡ በቲ ርሱን ሃገራዊ ብረታዊ ቃልሲ በጺሑዎ ዝነበረ ጥርዚ፡ ኢብራሂም ሑሴን ገቢል፡ ምስ ናይ ቃልሲ ብጻዩ፡ ሳህለ ተስፋሚካኤል፡ ንኤርትራውያን መንእሰያት ኣብ ምዕራብ ዞባ ወኪሉ፡ ኣብ ዋሽንግቶን ዲሲ፡ ምስ ካልኦት **7** መንእሰያት፡ ናይ ሰለስተ ምዓልቲ መግቢ ምሕሳም **(hunger strike)** ብምክያድ፡ ንገዛእቲ ስርዓታት ዝነበሮ ተቓውሞ ብምግሃድ፡ ጊዜ ዘየህስሶ ታሪኻዊ ሃገራዊ ቆራጽነት ኣመዝጊቡ ኢዩ።

ኣብ ባህላዊ መዳያት፡ ብቃና ኤርትራ ኦክላንድ ዝምራሕ ዝነበረ ናይ ያታን ባህልን ልምድን ስራሓት፡ ወዲ ገቢል፡ ነቲ ምዕሩይ ተሳታፍነት ብሄራት ዝብል መምርሒ ህዝባዊ ሓይልታት ንምትግባር፡ ዓቕሙ ዘፍቀዶ ኣብ ምውሳእን ዜማታት ትግረን ትግርኛን ተሳቲፉ።

ኢብራሂም፡ ንብዙሕ ጸቕጥታትን ዝምባሌታትን ተጻዊሩ፡ ብትብዓት ተቓሊሱ፡ ሑጉስ ኮይኑ፡ ብስሓቕን ፍሽኽታን ሂወቱ ይኣሊ ከምዝነበረ ኩሉ ፈላጢኡ ይምስክር። ሓውና ኢብራሂም ገቢል፡ ብዙሓት ፈተውትን መቕርብን፡ ኣባላት ስድራቤትን ጓሉ ፋጥናን ሓዲጉ፡ ብዕለት **1** ሓምለ **2011**፡ ካብዛ ዓለም ተሳናቢቱ።

ንዕኡ መንግስተ ሰማይ፡ ንቤተሰቡን ፈተውቱን ጽንዓት የውርድ።